[redacted]

I OF G NO CA ( A)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 862-4367
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

**ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ**

**ብምኽንያት መበል 42 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዓል 11 ለካቲት ዝተወሃበ መግለጺ**

ዝኸበርኩም ኣባላትናን ነዚ ብዓል ንምኽባር ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝመፃኹም ኣጋይሽናን፣ እንኳዕ ንመበል 42 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ 11 ለካቲት ኣብፃሓኩም ኣብፅሓና እናበለ ማሕበርኩም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካን (ማተሰኣ) መላእ ኣመራርሕኡን ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።

ህዝቢ ትግራይ ብገዛእቲ ደርቢታት ዝበጽሖ ዝነበረ ብሄራዊ ወጽዓ ንሓንሻብን ንመወዳእታን ንምቕባጽ ቃልሲ እንተካይድ ናይ መጀመርታኡ ኣይነበረን። እቶም ቀዳሞት ወለዱ እውን እንተኾነ ንወጽዓን ኣድልዎን ተምበርኪኾም ኣይፈልጡን ኒሮም። ኮይኑ ግና ስኣን ውሑሉል ውዳበን ኣመራርሓን እቲ ዝተወጠነ ቓልሲ ከይተዓወተ ተሪፉ። እንተ እቲ ወጽዓ ግን እናመረረ እምበር እናሓሸ ብዘይምምጽኡ እቲ ሓዱሽ ወለዶ ውዳበኡ ኣተዓራርዩ በዛ ኽብርቲ መዓልቲ 11 ለካቲት ዳግማይ ቓልሲ ጀሚሩ። ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ደማዊ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ብዓወት መሰስ ኢሉ ወጺኡ።

ህዝቢ ትግራይ ዝተቓለሰ ልዕሊ ማንም ንምኺን ስለዘይነበረ፣ እቲ ዓወት ናይ ኩሉ ምኺኑ ብምእማን፣ ናይ ቓልሲ መሓዙት ፈጢሩ፤ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝቢታትን ብማዕረ ዝነብሩላ ኢትዮጵያ መስሪቱ። ነዚ ስዒቡ፣ እቲ ቐንዲ ጸላኢ ህዝብና ድኽነት ምኺኑ ብምግንዛብ፣ ካብ ድኽነት ንኽይወጽእ ዕንቅፋት ኮይኑዎ ዝነበረ ስርዓት ንምውጋድ ብዝተኸተሎ ተመሳሳሊ ውዳበ፣ ናህርን ወነን ናይ ቃልሲ ስምዒትን፣ ነቲ ቐንዲ ጸላኢኡ ዝኾነ ድኽነት ነበረ ንምግባር ካሊእ ናይ ቃልሲ ወፍሪ ጀሚሩ። ዛጊድ ድማ ሃገርና ኣብ ታሪኽ ሪኣቶ ዘይትፈልጥ ናይ ምዕባለ ብርኪ በጺሓ ንምሉእ ዓለም መዛረቢት እናኾነት ትመጽእ ኣላ። ኮይኑ ግን እዞም ብቓልሲ ዝተሰዓሩ ጸላእቲ ሕዚ 'ውን ሃገርና ንድሕሪት መሊሶም፤ ናይ ቀደም ሕልሞም ጋህዲ ንኽገብሩ ላዕሊን ታሕትን ክብሉ ንሪኢ ኣለና።

ብኻሊእ ወገን፣ እቲ ንህዝቢ ኢሉ ዝተቓለሰ ገለ መሪሕነት ኣብ ሞንጎኡ ውልቃዊ ረብሓታት እናጠመተ፤ እቲ ዝተቓለሰሉ ዕላማ እናሸርሸረ ብምምጽኡ ኣብ ህዝቢ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ስእነትን ካልኦት ተወሰኽቲ ሽግራትን

ሂቡ እዩ። ኣብዚ ከይዲ መርኣያ ሓድነት ህዝብና ብምዃን፣ ማለት 'ውን ኣብ በቢጨናፍርና እትርከቡ ኣባልትናን ደገፍትናን ከምኡ 'ውን ካብ ጨናፍርና ውጻኢ ዘለኹም ማሕበረሰብ ትግራይ ምስ ጨናፍርና ተሓባቢርኩም ብምስራሕ ንዝገበርክምዎ ልዑል ናይ ገንዘብ ደገፍ በዚ ኣጋጣሚ ብሽም እቲ ዝተመዛበለ ህዝቢ ዝለና ናእዳን ምስጋናን ነቕርብ። ዘወፈኹምዎ ገንዘብ ድማ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ብእዋኑ ምብፃሕና ክንገልፅ ንፈቱ።

ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ) ካብ ኣፈጣጥርኡ ጀሚሩ ምእንቲ ህዝቢ ትግራይ ደው ዝበለ ማሕበር ብምዃኑ እቲ ኣብ ልዕሊ ወገናትና ዝተፈጸመ መነወሪን ጸረ ህዝብን ተግባር ኾኒንዎ እዩ። ንኽይድገም ድማ ዝከኣሎ ንምግባር ውዳበኡ ኣጠናኺሩ ኣብ ምርብራብ ይርከብ። ነዚ ዝተፈጠረ ጸገማት ምኽንያት ዝኾነ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር 'ውን መንግስትን ውድብን ከም ጉድለታቶም ወሲዶም ንምእራም ዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕሪ እናነኣድና፣ ህዝብና 'ውን እቲ ዝግበር ዘሎ ለውጢ ናብ ረብሕኡ ክልወጥ ብትረት ከም ቀደሙ ክቃለስን እቲ ዝኸፈሎ መስዋእቲ ብሸተኽ በተኽ ኣደዳ ጉሒላታት ከይከውን በቲ ውሕሉልን እርኑብን ናይ ምቃላስ ባህሉ ተጠቒሙ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ጻዊዕትና ነቕርብ። ህዝብና ነቶም ዘጋጠሙ ሽግራት ብርግዓት፣ ትዕግስትን ጥበብ ብዘተመልኦን ኣካይዳ ከእለዩ ብምግባር ንወገን ዘሐበነ ንጸላእቲ ድማ ቅስሚ ዝሰበረ ተግባር ብምፍጻምካ ክትኮርዓሉ ይግባእ ድማ ንብለካ።

**ዝኸበርኩም ኣባላት ማተሰኣ**፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዘካየድናዮ ጨናፍርና ናይ ምጥንኻርን በዝሒ ኣባላትና ናይ ምስሳንን ስራሕቲ ኣወንታዊ ውጺኢታት ከነመዝግብ ኪኢልና ኢና። ብሳላ ዘካየድክምዎ ቀጻሊ ጻዕሪታትን ደገፋትን፣ ኣመራርሓ ማተሰኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ጨናፍራትና ዑደት ብምክያድ ኣባላትናን ማሕበረሰብናን ዘለዎም ሕቶታትን ጠለባትን ኣብ ግምት ብምእታው ሰሪሑ እዩ። እዚ ድማ ተጠናኺሩ ክቕጽል እዩ። ማሕበርና፣ 'ብቁጠባ ዝተርነዐ ህዝቢ ዝተፈላለዩ ጸገማት ናይ ምምካት ዓቕሙ ዝለዓለ እዩ' ዝብል ጽኑዕ እምነት መሰረት ብምግባር፣ ብፍላይ ኣብ ቁጠባዊ ተረባሕነት ኣብ ስደት ዝነብር ህዝብና ንምሕያል ዝጀመሮ ምንቅስቓስ ብቐጻሊ ተጠናኺሩ ብምውጻእ ንካልኦት ሓፋሽ ማሕበራት 'ውን ኣብነታዊ ኮይኑ ህዝብናን ዓድናን ኣብ ወጻእ ብእንነብር ወገናቱ እንሳተፈሎም ዘፈራት ልምዓት ተረባሒ ዝኾነሉ ኣሰራርሓ ብሰፊሑ ክንከደሉ ንሰርሕ ኣለና።

ኣብ መዳይ ፖለቲካ፣ ምስ እሕዋት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝቢታትን ኢትዮጵያ ብሰናይን ፍቕርን ምክብባርን ብምንባር፣ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ኢትዮጵያ ማእኸል ምትሕቝቛፍናን ምድግጋፍናን ምዃኑ ተገንዚብና፤ ንኽብሩን ተፈጻምነቱን ድማ ኣድላዪ ዝበለ ጥብቅናን ሓለዋን ክግበረሉ እጃምና ክንፍጽም፣ ከም ወትሩ ቃል ንኣቱ። በዚ ኣጋጣሚ ኣባላት ማሕበርና ብምዃን ንተፈጻምነት ዕላማን እምነትን ማሕበርና ኣብ እንነብሮ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ ተሳትፎ ክትገብሩ ንእትደልዩ ተጋሩ ሓንጎፋይ ኢልና ከም እንቕበለኩም ብታሕጓስ ንገልጽ።

**ንሓፋሽ ማሕበራት**፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ከም መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ማሕበረሰባዊ ትካላት ተወዲብኩም ንእትንቀሳቐሱ ወገናትና ድማ ኣብ ምዕዋት ህዝባዊ መደባት ከምቲ ልሙድ ተሓጋጊዝና ክንሰርሕ ዳግም ንጽውዕ።

**ንውድብ ህወሓትን ኣባላት ህወሓትን**፣ ነቲ ካብ ብንጉሆኡ ዝተቓለስክምሉ ህዝቢ፣ እቲ ልሙድ ውድባዊ ፍቕሪ ክትልግስሉን ዝጎደልዎ ናይ ሰናይ ምምሕዳር፣ ጠለባት ልምዓትን ካልኦት ጸገማትን ንኽይፍትሑ ኣብ ውሽጢ ኮይኖም ዘዕንቅፉ ዘለዉን ንህዝቢ ረሲዖም ንባዕሎም ከበልጽጉ ዝፍትኑ ዘለዉ ኣካላት ብዘይ ንሕስያ ንኽትቃለስዎም ጻዊዕትና ነቕርብ። ውድብን መንግስትን ነቲ ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ቃልሲ ድማ ማሕበርና እቲ ልሙድ ድጋፍ ዝገብር ምዃኑ ደጊምና ነረጋግጽ።

ኣብ መወዳእታ፣ ጸረ ህዝቢ ሓይሊታት ከምቲ ልሙድ ኢ-ሕገመንግስቲዊን ኢ-ዲሞክራሲያዊን ምንቕስቓስ ካብ ምክያድ ስለ ዘየብኩሩ፣ ከም ማሕበር ነዚ ዝምከት ስራሕቲ ኣብ ከባቢና ኣብ እንነብሮ ምንቕስቃስ ምሳና ክትሳተፉ በዚ ኣጋጣሚ እዙይ ፃውዒትና ነቕርብ። ምስ ካልኦት ደለይቲ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ህዝቢታት ብናይ ሓበራዊ ግንባር (coalition) ነዚም ሓይሊታት ብቐጻሊ ኣብ ምምካትን ምፍሻልን ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ኣብ ጎንና ክነሰልፎም ፃዕሪ ክትገብሩ መልእኽትና ነሕልፍ።

ሕድሪ ሰማእታትና ኣይነዕብርን!

ዘላኣለማዊ ክብርን ሞገስን ንሰማእታትና!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)